



1-855-626-0002
https://orientationontario.ca

# Orientation to Ontario

## ህዝባዊ ኣብያተ-ትምህርቲ

ቀዳማይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ ንመዋእለ ህጻናትን ካብ 1 ክሳብ 8 ክፍልን ዘጠቓለለ እዩ። ቆልዑ፡ ዝበዝሑ ግዜ፡ ትምህርቲ ዝጅምሩ፡ ዕድሜኦም ደቂ 4 ወይ 5 ዓመት ምስ ኮነ'ዩም። ኣብ ገለ ቦታታት፡ ን6 ወይ 7ን 8ን ክፍሊ ዝኸውን፡ ማእከላይ ወይ ታሕተዋይ ናይ ህዝቢ ቤት ትምህርቲ ኣለወን። ካልኣይ ደረጅ ትምህርቲ ዝበሃል፡ ካብ 9 ክሳብ 12 ክፍሊ ዘጠቓለለ እዩ።

ንደቅኻ፡ ንፈለማ ግዜ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንኸተመዝግቦም፡ ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ቦርድ ቤት ትምህርቲ ክትረኽቦ ከድልየካ እዩ። ቤት ትምህርቲ ድማ፡ ደቅኻ ክንደይ ክፍሊ ክመሃሩ ከምዘለዎም ብዝግባእ ክግምግሞም እዩ። ነቶም ቋንቋ እንግሊዝ ዘጽንዑ ተማሃሮ፡ ናይ ቋንቋ ደገፋት ኣለዎም።

- ብዛዕባ ናይ ህዝቢ ቤት ትምህርቲ ኣብ ኦንታርዮ ንኽትመሃር፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ Ministry of Education (ሚኒስትሪ ትምህርቲ) ontario.ca ብጻሕ።
- ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ደረጃ ትምህርቲ መምርሒታት ንኽተንብብ፡ ኣብ'ዚ ዝስዕብ መርበብ settlement.org ወይ findlink.at/educinfo እቶ።

### ቦርድታት ቤት ትምህርቲ

ኣብ ኦንታርዮ፡ 4 ዓይነት ቦርድታት ህዝባዊ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዋ፡

- ኣብያተ-ትምህርቲ ብቋንቋ እንግሊዝ
- ናይ ካቶሊክ ኣብያተ- ትምህርቲ ብቋንቋ እንግሊዝ
- ኣብያተ-ትምህርቲ ብቋንቋ ፈረንሳይ
- ናይ ካቶሊክ ኣብያተ- ትምህርቲ ብቋንቋ ፈረንሳይ

ንዝርዝር ቦርድታትን ሰበ-መዝን፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ontario.ca፡ Ontario Ministry of Education (ንሚኒስትሪ ትምህርቲ ኦንታርዮ) ተወከስ።

### ናይ ምሉእ መዓልቲ መዋእለ ህጻናት

ኩሉ  ናይ ህዝብን ካቶሊክን ቤት-ትምህርቲ ኦንታርዮ፡ ዕድሜኦም ኣርባዕተን ሓሙሽተን ንዝኾኑ ህጻናት (ናእሽቱን ዓበይትን) ናይ ምሉእ መዓልቲ ኣገልግሎት መዋእለ ሕጻናት ይህብ። ገለ ኣብያተ-ትምህርቲ ድማ፡ ንተማሃሮ መዋእለ ህጻናት፡ ቅድምን ድሕርን መደባት ትምህርቲ ይህባ እየን።

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብ'ዚ ዝስዕብ መርበብ findlink.at/full-dayK ብጻሕ Ministry of Education (ሚኒስትሪ ትምህርቲ)።

### ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳይ

ነቶም ወለዶም ደቀባት ተዛረብቲ ቋንቋ ፈረንሳይ ዝኾኑ ቆልዑ፡ ብብዙሓት ናይ ቤት ትምህርቲ ቦርድ፡ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳይ ይወሃብ እዩ። ብዛዕባ ኣብያተ ትምህርቲ ፈረንሳይ ዝያዳ ንኽትመሃር፡ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ findlink.at/FSL ተወከስ።

### ስልጠና ቋንቋ ፈረንሳ

ብቋንቋ እንግሊዝ ኣብ ዘምህራ ናይ ህዝብን ካቶሊክን ኣብያተ ትምህርቲ፡ ሰለስተ ዓይነት ስልጠና ቋንቋ ፈረንሳይ ኣለዋ። ነቶም ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ቆልዑ፡ ኣየናይ መደብ ከምዘሎ ንምፍላጥ፡ ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ናይ ቤት ትምህርቲ ቦርድ ርኸቦ፡

- Core French (ዋና ቋንቋ ፈረንሳይ) - ተማሃሮ ንቋንቋ ፈረንሳይ ከም ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ይመሃርዎ።
- Extended French – (ዝተናውሐ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ) - ተመሃሮ፡ ንቋንቋ ፈረንሳ ከም ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ይመሃርዎ፡ ከምኡ'ውን ብውሑዱ ንሓደ ካልእ ዓይነት ትምህርቲ ብቋንቋ ፈረንሳ ይመሃርዎ።

French Immersion – (ምእታው ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ) - ተመ  ሮ ንቋንቋ ፈረንሳ ከም ዓይነት ትምህርቲ ከምኡ'ውን ንኽልተ ወይ ንልዕሊ ክልተ ካልኦት ዓይነት ትምህርቲ ብቋንቋ ፈረንሳ ይመሃርዎ።

ብዛዕባ መደባት FSL ኣብ መርበብ ሓበሬታ ሚኒስትሪ ትምህርቲ findlink.at/onfsl ኬድካ ኣንብብ፥

### ፍሉይ ኣገልግሎት ዘድልዮም ትምህርቲ

ኣብ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ዝጸንሕሉ ጊዜ፡ ምሉእ ረብሓ ምእንቲ ክረኽቡ፡ ናይ ጠባይ፡ ምርድዳእ፡ ኣእምሮኣዊ ወይ ደጋዊ ሓገዝ ንዘድልዮም ቆልዑ ዝኸውን መደባት ኣሎ። ነቶም ንኽመሃሩ ስንክልና ዘለዎም ተማሃሮ'ውን ኣብያተ ትምህርቲ ሓገዛት ይህባ

Funded by / Financé par

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada


እየን። .

ብዛዕባ እዞም መደባት ኣብ  Ministry of Education (ሚኒስትሪ ትምህርቲ) ንኽትመሃር፡ ኣብ findlink.at/Spec/Edu ተወከስ።

### ኣገዳሲ መዘኻኸሪ

ቆልዑ፡ ኣብ ናይ ህዝቢ ቤት ትምህርቲ ንኽመሃሩ፡ ኣይከፍሉን እዮም።

ካብ 6 ክሳብ 18 ዓመት ዝዕድሜኦም ኩሎም ቆልዑ፡ ግድን ቤት ትምህርቲ ክኸዱ ኣለዎም።



orientation to ontario
l'ontario c'est chez moi